# መልሲ ንጽሓፊ “ኣልኣህራም” ዓጥያ ዒሰዊ

# ኣብ ዱሜራ ሽግር የለን



**ዶ/ር ኣሕመድ ሓሰን ድሕሊ**

ዳይረክተር ማእከል እስትራተጂያዊ መጽናዕታት ኤርትራ

**ሓበሬታ :** <u>እዚ ዝስዕብ ብቛንቋ ዓረብ ዝቐረበ መልሲ፡ ናብ ኣሳናዳኢ ጋዜጣ ኣል ኣህራም፡ ብኽልተ ሓምለ 2017 ከም ዝተላእከ ንሕብር።</u>

**ስታዝ ዓጥያ ዒሰዊ ብ25 ሰነ 2017 ተሓቲማ ኣብ ዝወጸት ጋዜጣ “ኣልኣህራም” ኣብ ኩርናዕ “ጉዳያትን ርእይቶታትን” “ሽግር ዱሜራ” ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ሓደ ዓንቀጽ ጽሒፉ ነይሩ። እቲ ዘሕዝን እቲ ዓንቀጽ ብዙሕ ታሪኻዊ፡ ፖለቲካውን ሕጋውን ጌጋታት ዝመልአ ብምዃኑ መልሲ ክወሃቦ ግድን ስለዝኾነ ጋዜጣ ኣልኣህራም ንጽሑፈይ ኣብ ዓምድታታ ከተስፍሮ ይሓቲት ።**

**ቀዳማይ፦** ኤርትራ በቲ ካብ 1998 ክሳብ 2000 ምስ ኢትዮጵያ ዝተኻየደን ልዕሊ 80 ሽሕ ሂወት ዝቀዘፈን ኲናት ገና ቁስላ ከይሓወየ እንከሎ፡ ዓቃበ ሰላም ቐጠር ምስ ወጻ ንጎቦ ዱሜራን ኣብ መንጽሩ ዝርከብ ደሴትን ብምሓዛ ምስ ጐረቤታ ጂቡቲ ሓድሽ ግንባር ከፊታ ትርከብ።

1- ኤርትራ ካብ ካልኦት ጎረባብቲ ሃገራት ንላዕሊ ብሓዊ ኲናት ዝተለብለበት ሃገር ስለዝኾነት፡ ኲናት ተቀሲባ እትኣትዎ እምበር ምርጫኣ ኣይኮነን። ነዚ ዘረጋግጽ ጭቡጥ ታሪኻዊ ሓቂታትን መርትዖታትን ድማ ብዓይኒ ዝርአ እዩ።
2- ኤርትራ ኣብ 2008 ንጂቡቲ ከም ዘይወረረት ሰበ ስልጣን ፈረንሳ ኣብ እዋኑ ኣረጋጊጾሞ እዮም። እዚ ማለት ከኣ እቲ ዝተፈጸመ ብኣንጻሩ'ዩ ነይሩ። ስለዚ ከኣ እያ ፈረንሳ ብመሰረት'ቲ ኣብ 1977 ምስ ጂቡቲ ዝኸተመቶ ወተሃደራዊ ውዕል ኣብ'ቲ ኲናት ዘይኣተወት። እዚ ድማ ነቲ ካብ ሽሕ መሰኻኽር ዋና ብኽናፍር ዝብል ምስላ ኣበው ዘረጋግጽ እዩ።
3- ሃገረ ኤርትራ ብዛዕባ'ቲ ጽሓፊ ዝበሎን ኣብዝን ኣብትን ዝዘረበሉን "ምስሓብ ሓይልታት ቐጠር" ብዝምልከት ኣብ'ቲ ብ17 ሰነ 2017 ዘውጽኣቶ መግለጺ፡ እቲ ጉዳይ ብቐጥታ ዝምልከታ ሃገረ ቐጠር ወግዓዊ መግለጺ ክሳብ ዘይሃበት ክትዛረበሉ ከምዘይኮነት ብንጹር መርገጺኣ ኣብሪሃ እያ።

**ካልኣይ፦** ጽሓፊ ብንዕቀትን ትምክሕቲን ኤርትራን ጂቡቲን "ንናይ ቐጠር መንጎኝነት ዝተቐበላ ምናልባት ብዘወናውን ሓገዛት'ዩ" ኢሉ ኣሎ።

1- እዚ ዘረባ'ዚ ብሓፈሻኡ ዘይቕቡል ኣብ ርእሲ ምኳኑ፡ ካብ ንኤርትራን ጂቡቲን ንላዕሊ ንጽሓፊ ናይዚ ዓንቀጽ'ዚ ዘነውርን ዘሸፍእን እዩ።
2- ፖለቲካውን ስነምግባራውን ክብርታት ሰውራ ኤርትራን ሃገረ ኤርትራን ፍጹም ዝፈልጦ ኣይመስለንን። ምናልባት ንሱ ጽቡቕ ዝፈልጦ ገለ ሃገራት ብዘወናውን ሓገዛት ናይ ካልኦት ድሌታት ክቕበላ ምርኣዩ እዩ። ነቲ ኣብ ካልኦት ሃገራት ዝፈልጦ ድማ ናብታ መብጽዓን ምፍርራሕን ዘይትቕበል ኤርትራ ከላግቦ ፈቲኑ። ታሪኽ ሰውራ ኤርትራን ሃገረ ኤርትራን ድማ ነዚ ሓቂ'ዚ እዩ ዝምስክር።

**ሳልሳይ፦** ጂቡቲ ብ10 ሰነ 2008 ምኽንያት ዘይብሉ ዶባዊ ሽግር ምስ መሃዘት፡ "ኤርትራ ነቲ ብባይቶ ጸጥታ ዝተላእከ መርማሪ ልኡኽ ምቅባል ነጺጋ" ክብል ዋና ናይ'ቲ ዓንቀጽ ጽሒፉ።

1- ባይቶ ጸጥታ ምርመራታት ከይገበረ ብታህዋኽ ብ12 ሰነ 2008 ንሃገረ ኤርትራ ከም ዝኾነነ ዝፈልጥ ኣይመስለንን። ብድሕሪኡ ንዋና ጸሓፊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ነበር ባን ኪሞን "መርማሪ ልኡኽ" ክሰድድ ብ25 ሰነ 2008 ሓቢሩ። እዚ ቄናን ፖለቲካዊ ምጉት'ዚ ድማ ብሃገረ ኤርትራ ተነጺጉ። ኤርትራ ዝወሰደቶ ቅኑዕ መርገጺ ከኣ ዘካትዕ ኣይኮነን።
2- ሚድያ ኣብ ዘመሓላልፎ ከፊላውን ንውድዕነት ዝጻረር ዘይቅኑዕን ሓበሬታ ተመርኲስካ ኣጠቓላሊን ቁርጺን ፍርዲ ምሃብ ውጽኢቱ ሓደገኛ እዩ። ኣብ ከምዚ ዓይነት ዝምርኮሰ ሰብ ከኣ ጉጉይ መርገጺ'ዩ ዝወስድ። እቲ ዘሕዝን ንጽሓፊ ናይ'ቲ ዓንቀጽ ዘጋጠመ ኩነታት ከኣ ንሱ እዩ።

**ራብዓይ፦** ጽሓፊ ናይ'ቲ ዓንቀጽ ብዛዕባ "ክኢላታት" ዶብን ብዛዕባ'ቲ ኣብ 1897ን 1901ን ዝተኸተመ ዘኽታም ዝበሎ ክልተ ስምምዓት ድማ ይዛረብ። ይኹን እምበር እቲ ጉዳይ ካብዚ ንላዕሊ ዝዓሞቀን ዝተሓላለኸን ምዃኑ ዝፈልጥ ኣይመስለንን።

**ሓሙሻይ፦** ኣሰዒቡ እቲ ጽሓፊ ብወተሃደራዊ ሓይሊ ቦታ ምሓዝ ቅኑዕ ፍታሕ ኣይኮነን ይብል እሞ፡ ኣብኡ ተመርኲሱ ከኣ ኤርትራ ንየመን፡ ኢትዮጵያን ጂቡቲን ወሪራ ዝብል ህዉኽ መርገጺ ይወስድ።

1- ወተሃደራዊ ጎበጣ ቅኑዕ ፍታሕ ከም ዘይኮነ ንምፍላጥ ንኤርትራ ምዕዶ ናይ ካልኦት ዝድልያ ኣይኮነትን። ኩሉ ኣፍ-ደገ ፖለቲካውን ሕጋውን ፍታሕ ምስ ተዓጽዋ፡ ብሓይሊ ብረትን ብደም ሰማእታታን ናጽነታ ቅድሚ ምጉንጻፉ ብተኸታተልቲ ወተሃደራዊ ጉቦጣታት ዝተሳቀየት ንሳ እያ።
2- ኣብ 1995 ኤርትራ "ንደሴት ሓኒሽ" ኣይጎበጠትን። እንተኾነ ግን ነቲ መንግስቲ የመን ብወተሃደራዊ መገዲ ዝፈጠሮ ውህብ ኩነት ስለዘይተቀበለቶ ናይ ነፍሰ ምክልኻል መሰላ ተጠቒማ።
3- እቲ "ብዶባዊ ኩናት" ዝፍለጥ ወራር ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ 1998 ክሳብ 2000፡ ኣብ ባድመ ኣብ 1998 ዝተጀመረ ዘይኮነስ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ንዝሰፍሐ ሉኣላዊ መሬት ኤርትራ ኣብ ውሽጢ ዘእተወ ካርታ ክልል

ትግራይ ቅድሚ ምውጽኡ ብታሪኽ ኣብ ዓዲ ምሩግ ባዳ ኣብ 1997 እዩ ተጀሚሩ። ኣብ 1998 ሓይልታት ኤርትራ  ንባድመ ምቁጽጻሩ ከኣ፡ መልሰ ተግባር ናይ'ቲ ሰራዊት ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ'ቲ ኣብ'ቲ ከባቢ ዝነበረ ወተሃደራዊ ኣሃዱታት ኤርትራ ተፈጸመ ተጻብኦ እዩ ነይሩ። ኣሃዱታትና ምስ ኣሃዱታት ኢትዮጵያ ነቲ ኣብ'ቲ ከባቢ ተፈጢሩ ዝነበረ ኩነታት ብሓባር ንምፍታሕ ምስ መጹ ብወገን ኢትዮጵያ ኩናት ተኸፊቱሎም።

4- ስርዓት ፕረዚደንት እስማዒል ገለ ኣብ 2008 ካብ ናይ ጂቡቲ ዘይኮነ ሕሳባት ተበጊሱ ምስ ኤርትራ ዶባዊ ሽግር ምሂዙ። ኣብ ዞባዊ፡ ክፍለ ዓለማውን ኣህጉራውን መጋባእያታት ኣብ ከም ውድብ ኢጋድ፡ ሕብረት ኣፍሪቃ፡ ማሕበር ሃገራት ዓረብ፡ እስላማዊ ጉባኤ፡ ውድብ ሻራ ዘይብለን ሃገራት፡ ኤውሮጳዊ ሕብረትን ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ከኣ ንመንጎኝነት ቐጠር ንምፍሻል ተጓዩዩ። ብኣንጻር ናይ'ቲ መንግስቲ ጂቡቲ ዝወሰዶ መርገጺ፡ ኤርትራ ከኣ ነቲ ኩነታት ንምቁጽጻር፡ ንብዙሕነት መንጎኝነት ብምብርዓን ንተበግሶ ቐጠር ደጊፋ። ተበግሶ ቐጠር ንኽይብርዕን ድማ ዝኾነ ዞባዊ፡ ክፍለ ዓለማውን ኣህጉራውን ምትእትታዋት ነጺጋቶ።

**ሻዱሻይ፦** ጽሓፊ ኣብ መጨረስታ፡ "ብርግጽ ወተሃደራዊ ሚዛን ሓይሊ ንረብሓ ኤርትራ'ዩ ዘሎ፡ እንተኾነ ግን ፈረንሳን ኣሜሪካን ኢደን ኣጣሚረን ኣይክርእያን እየን" ክብል ደምዲሙ።

1- እቲ ሕቶ ብዛዕባ ወተሃደራዊ ሚዛን ሓይሊ ኣብ መንጎ ክልቲአን ሃገራት ዝምልከት ኣይኮነን። ኤርትራ ድማ ምስ ዝኾነ ይኹን ወገን ብኸምዚ ኣገባብ ተዋሲኣ ኣይትፈልጥን እያ። ብኣንጻሩ'ኳ ድኣ ዝኾነ ዶባዊ ይኹን ዘይዶባዊ ፍልልያት ብመሰረት ሚዛን ሓይሊ ምፍታሕ ብትሪ'ያ ትቃወሞ። ምኽንያቱ ንኸምዚ ዓይነት መትከል ምቕባል ብቀሊሉ ሕጊ ጫካ ምንጋስ ማለት እዩ። ኤርትራ ዝኾነ ፍልልይ ካብ ሰነ ሞገት ኩናት ርሒቕካ ብፖለቲካውን ሰላማውን ኣገባብ ክፍታሕ ኣለዎ ዝብል እምነት ጸኒሑዋን ኣለዋን ክትቅጽሎ'ውን እያ። ዶባዊ ሽግራት ድማ ካብ ሕጊ ጫካ ርሒቕካ ብፍትሓውን ሕጋውን መገዲ ክፍታሕ ኣለዎ። ናይ'ዚ ጭቡጥ ኣብነት ከኣ ኤርትራ ብ24 ግንቦት 1991 ንሰራዊት ኢትዮጵያ ስዒራ መላእ መሬታ ሓራ ምስ ኣውጽአት፡ ብወተሃደራዊ ሓይሊ ውሁብ ኩነት ኣይፈጠረትን። ብኣንጻሩ'ኳ ድኣ ህዝቢ ኤርትራ ነቲ

ድሕሪ ካልኣይ ኩናት ዓለም ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ኣብ 1952 ምስ ኢትዮጵያ ፈደራላዊ ሕብረት ብምስግዳድ ዝመንዝዓቶ መጻኢ ዕድሉ ባዕሉ ናይ ምውሳን መሰሉ ንምርግጋጽ ምእንቲ ኣብ 1993 ዞባዊ፡ ክፍለ ዓለማውን ኣህጉራውን ተዓዘብቲ ብቀዳምነት ከኣ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝተሳተፍዎ ናጻን ፍትሓውን ህዝባዊ ረፈረንደም ኣካይዱ።

2- ኤርትራ ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ'ዚ እትኽተሎ ፖለቲካዊ ፍልስፍና ብተደጋጋሚ ኣብሪሃ እያ። ናይ ወጻኢ ሓይልታት ነቲ ጉዳይ ኣብ ክንዲ ምፍታሕ ስለዘጋድድዎ ኣብ ዞባዊ ጉዳይና ክኣትዉ ኣይትፈቅድን እያ። ስለዚ ዶባዊ ፍልልይ ይኹን ካልእ ፍልልያት ብክልተኣዊ ዘተ ክፍታሕ ንሱ እንተ ዘይሰሊጡ ድማ ሻርነት ዘይብሉ ዞባዊ መንጎኛ ክምረጽ እዚ እንተ ድኣ ዘይተዓዊቱ ከኣ ብቐጥታ እቲ ጉዳይ ናብ ኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ክመሓላለፍ እያ ትኣምን።

**ሻቡዓይ፦** ኣርእስቲ ናይ'ቲ ዓንቀጽ "ሽግር ዱሜራ" እዩ ዝብል። እንተኾነ ግን ጽሓፊ ባህርያት ናይ'ቲ "ሽግር" ኣየነጸረን። ብርግጽ ከኣ ከነጽሮ ኣይክእልን እዩ። ምኽንያቱ ኣብ ዱሜራ ብመሰረቱ ሽግር ዝበሃል ስለዘየለ። እቲ ጉዳይ ብምልኡ ዝተፈብረኸ ስለዝኾነ።

**ኣብ መጨረሽታ** ብዘይካ ነዘን ክልተ ትዕዝብታት ምጥቃስ ዝተረፈ የለን።

1- ዞባዊ፡ ክፍለ ዓለማዊ ይኹን ኣህጉራዊ ውድብ ኣብ'ዚ ኣብ መንጎ ኤርትራን ጂቡትን ተፈጢሩ ዘሎ ጉዳይ ብቀረባ ይኹን ብርሑቕ ኢዱ ከእቱ ሕጋዊ ስልጣን የብሉን። ኣብነታት ንምጥቃስ ጉዳይ ሓላይብ፡ ፍልልያት ብዛዕባ ደቡባዊ ባሕሪ ቻይና ዝኣመሰለ ጉዳያት "መርማሪት ልኡኽ" ቀይምሉ ድዩ? ስለምንታይ ድኣ እቲ ጉዳይ ኣብዚ ዝተፈልየ ይኸውን? ክፍለጥ ዘለዎ ድማ ክሳብ ዝተፈልየ መርገጺ ዝመጽእ ኣብ መንጎ ኤርትራን ጂቡትን ዘሎ ናይ ቀጠር መንጎኛነት ቀጻሊ እዩ።

2- ሃገረ ኤርትራ ድማ ነቲ ጉዳይ ንምጉሁሃር ካብ ዝኾነ ይኹን ወገን ዝግበር ፈተነታት ፍጹም ኣይከተፍቕድን እያ። ካብ'ቲ ንኩነታት ናብ ውጥሪ ዘእቱን ነገራት ዝሓላልኽን ኣብ ፍልልያት ሓዊ ዝዘርእን ዜናዊ ዘመተታት ድማ ነፍሳ ትሕይብ።

30 ሰነ 2017